# *ስያትል ንበዓል ባሕቲ መስከረም ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ጸምቢላቶ*

*ሽሕ’ኳ በቲ ዝተሓበረና ሓጺር ግዜ፡ ነቲ በዓል ዝዳረግ ቦታ ብምስኣን፡ እቲ ትልሂት ኣብ ግዜ ስራሕ እንተተኻየደ፡ እቶም ብሃንቀውታ ንጽበዮም ዝነበርና ህቡባት ተላሂይቲ፡ ወዲ ትኹል፡ ከዲጃ ኣድም፡ ሃይለ ናቲን ኣበባ ሃይለን፡ በቲ ነጎድጓዳዊ ድምጾምን፡ ንኡድ ከእለቶምን፡ ምስ ከኢላታት ሙዚቀኛታት ደቂ ሃገር ተወሃሂዶም፡ ኤርትራዊ ወኒ ዘለዓዕል ዜማታት፡ እንዳዘየሙ፡ ከዛናጉዑና ኣምሱዮምን፡ ኣውጊሖምን።*

*ነታ ፈላሚት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት፡ መበል 53 ምፍላም ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ በዓልና ንምኽባር፡ ከም’ቲ ልሙድ፡ ነቶም ዝሓለፉ ብጾትና ብምዝካርን፡ ሓጺር ቃል ኣቦ መንበር ጉጅለ ህግደፍ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ኣመሪካ ብምስማዕን እዩ ዝተኸፍተ። እቲ መደብ ብወዲ ትኹል ተተሊሙ፡ ብከዲጃ ኣድምን፡ ሃይለ ናቲን፡ ኣበባ ሃይለን እንዳተኸታተላ ዝሰዓባ ዝተፈላለየ ጣዕምታት ዝነበረን ደርፍታታን፡ ትልሂታትን፡ እቶም ብሃንቀውታን፡ ኤርትራዊ ናፍቖትን፡ ብዓቕሊ ክጽበዩ ዘምሰዩ፡ ዜጋታት፡ ናብ ዓውዲ ዳይላ፡ ክቀዳደሙ ግዜ ኣይወሰደሎምን፡ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኺደግሙን፡ ከደጋግሙን’ውን ከምዘይኣገምም’ውን ብሩህ እዩ ነይሩ።*

*ብሕፈሽኡ ድማ ዕዉት መደብ ብህላዊ ምሸት ነሩ።*

***ምገስን ዘለኣለማዊ ዝኽሪን ንስዉኣትና***

***ዓወት ንሓፋሽ***

***19 መስከረም 2014***